ዕለት፡- 13 ጥቅምቲ 1999 ዓ.ም

# ናይ ሓዘን መልእኽቲ

- ካብ ውዳበ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪካ
- ኮሚዩኒቲ ትግራይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካን
- ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ)ን

ዘስካሕክሕ ብሂራዊን ደርባዊን ወፅዓ ትግራዋይ ንምጥፋእ ህዝቢ ትግራይ ዕጥቃዊ ብረታዊ ቃልሲ ንምክያድ መሪር መስዋእትነት ኣሽሓት ደቁ እንትኸፍል ጎኒ ንጎኒ ዘለዎ ድኽነትን ማሕበራዊ ፀገማትን ንምፍታሕ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ይኹን ኣብ ወፃኢ ዝነብር ትግራዋይ እጃሙ ንምውፋይ ኣብ ዝገበሮ ርብርብ ኣብ ሰሜን ኣሜሪካ ዝነብሩ ተጋሩ ብፍልጠቶም፣ጊዚኦም፣ገንዘቦምን ሞራሎምን ኣተኣኻኺቦም ማሕበር ልምዓት ትግራይ ንምምስራት ኣብ ዝተገብረ ፃዕሪ ርእይን ዘይርሳዕን ግደ ካብ ዝተፃወቱ መስረትቲ ኣባላት TDA ሓደ ኣይተ ኣርኣያ ዘርይሁን እንትኾኑ ብናቶም ብቑዕ መሪሕነት TDA ኣብ ትግራይ ዝነበሩ ዓበይቲ ፀገማት ናይ ትምህርቲ፣ሕክምና፣ቀረብ ዝስተ ፅሩይ ማይ ወ.ዘ.ተ ኣብ ምፍታሕ ብዘሕብንን ዘኹርዕን መልክዑ ዝተረባረበት ንምኻና ድፍን ህዝቢ ትግራይ ምስክር ዝኾነሉ'ዩ፡፡

ድሕሪ ውድቀት ደርጊ'ውን እንተኾነ መሰረታዊ ፃምእ ትምህርቲ ህዝቢ ንምርዋይ ናብራ ኣሜሪካ ገዲፎም ጠቕሊሎም ናብ ሃገሮም ብምእታው ከም ናይ መቐለ ናይ ቴክኖሎጂ ኢንስቲትዩሽን (M.I.T) ፣ ዝለዓለ ውፅኢት ዝረኸቡ ተምሃሮ ጥራይ ዝቕበል ናይ ቃላሚኖ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ብላዕለዋይነት እናመሓደሩን ኣድላይ ዘበለ ሓገዛት እናተኣኻኸቡ ናይ ሃገርና ናይ መፃኢ ብሩህ ተስፋ መንገዲ ዝኸፈቱ **ኣይተ ኣርኣያ ዘርይሁን** October 20/2006 ብዘጋጠሞም ድንገተኛ ሕማም ህይወቶም ምሕላፉ ዝፈጠረልና ድንጋፀን ሓዘንን ንምግላፁ ከቢድ ኮይኑና'ሎ፡፡ እንተኾነ ግና ኣይተ ኣርኣያ ዘርይሁን ን17 ዓመታት ክሳዕ ዕለት ሕልፈተ ህይወቶም ንቓልሲ ልምዓት ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሓፈሻ ህዝቢ ትግራይ ድማ ብፍላይ ማእገርነቶምን ሓበንነቶምን ብተግባር ዘወፈዩ ወዲ ህዝቢ ብምኻኖም ስሞም ብታሪኽ እናተዘከረ ዝነብር እንትኾን ውጥን ምዕባለታት ኣይተ ኣርኣያ ዘርይሁን ንምምላእ ኣሰሮም እንኽተል ምኻንና እናገለፅና ሓዘንኩም ሓዘንና'ዩ'ሞ ንመላእ ስድራቤት፣ኣሕዋቶምን ኣሓቶምን፣ፈተውቲን መሓዙትን ናይ ፅንዓት ይሃብኩም መልእኽትና ብስም

- ውዳበ ማሕበር ልምዓት ትግራይ ሰሜን ኣሜሪካ
- ኮሚዩኒቲ ትግራይ ነባራይ ሰሜን ኣሜሪካ
- ማሕበር ተጋሩ ሰሜን ኣሜሪካ (ማ.ተ.ሰ.ኣ) ነመሓላልፍ፡፡